*ወያነን ሰዓብቱን እንበር፡ ህዝቢ ትግራይ እንታይ ገበረ።*

ናይ ወያነ ኣበሳ ነቲ ብሰላም ክነብር ዝድለ ህዝቢ ትግራይ ኣይምልከቶን እዩ። ካብ ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብወያነ ዝተበደለ እንተሎ እቲ ብሓቂ ብሰላም ክነብር ዝደሊ ህዝቢ ትግራይ እዩ። እዞም ብስም ተጋሩ ተሓለቕቲ ዝመስሉ ኣስመራ ዘዕበየቶም ደቓሉ ንህዝቢ ትግራይ ዝውክሉ ኣይኮኑን። ህዝቢ ትግራይ ከም ካልእ ህዝብታት ኢትዮጵያ መሰሉ ዝተገፈ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብሰንኪ ወያነ ምውላዱ እምነት ዘይተነብረሉ ህዝቢ ኮይኑ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ግዳይ መከራ ኮይኑ ከምዘሎ ባዕሉ ዝዛረበሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ድምጹ ተዓፊኑ ነጋሪ እንተሰኣነ ከም ጸረ ሰናይ ጉርብትና ደው ዝበለ ክመስል ይኽእል ይኸውን። ናይቶም ኣብ መሪሒነት ጃንዳ ረብሓ ዘለዎም ውሑዳት ተጋሩ ድምጺ ስለ ዝዓብለለ ብድፉኑ ህዝቢ ትግራይ ጸላኢና እዩ ኢልካ ክዝረበሉ ኣይካኣል።

ተጋሩ ወያነ ወሲኽካ ራህዋ ህዝቢ ኤርትራ ዓይኖም ደም ዝሰረቡ የለዉን ማለተይ ኣይኮንኩን። እኳድኣ ልዕሊ ዝኾነ ፍጡር ዝጸልኡና ተጋሩ ኣለዉ። ግን ህዝቢ ጸላኢና እዩ ኢልና ክንዛረብ ቅኑዕ ኣይኮነን። ንህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ከቀያይሙን ከረሓሕቑን ዝሰርሑ ዘለዉ እቶም ጽባሕ ንግሆ ድሕሪ ዕርበት ወያነ መእተዊ ቦታ ዘይብሎም መውደኽደኺ እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ብድኽነት ዝፍለጥ ህዝቢ እንተ ነይሩ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ሕጂ እንተኾነውን ብድኽነት ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ኣብ ትግራይ ህዝቢ ብጥሙዩ ከሎ ርሻናት (ፓላሶታት) ኣብ መቐለ እንተተሰርሐ ንህዝቢ እንታይ ይጠቕሞ። መንግስቲ ጃንዳ ናይ ቀዳማይ ቀዳምነት ስለ ዘይግድሶ ካብ ዝተቶኸበሉ ትኳቦ ኣብ ክንዲ ከብዲ ህዝቡ ዝዕንግል ዘይሰፍሮ ህንጻታት ይሰርሕ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ከም ኣብ ክልተ ኣኻውሕ ተቐቒራ ትነብር ኦም ኮይኑ ኣሎ። በቲ ሓደወገን ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከጻልእዎ፡ በቲ ካልእ ወገን ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክንጽልዎ ጌሮም እዮም። ስለዚ ተጋሩ ጸላእቲ ኣለዉና። ህዝቢ ትግራይ ኩሉ ግን ጸላኢና ኣይኮነን።

ሞጎስ ንሰማእታትና  
ዓወት ንሓፋሽ  
ገብረንጉስ መስመር  
ጥቅምቲ 9/ 2017